
Tigrinya

# እንኳዕ ናብቲ ናይ መምጽኢ ማእከል ብደሓን መጻእኩም



ኣብ ብራስለስ ኣብ ዘሎ ናይ መምጽኢ ማእከል Fedasil
(ፈዳሲል) ውቕባ ንዝሓቱ ሰባት ተበታኒ ወረቐት ተዓዲሉ

fedasil
FEDERAL AGENCY FOR THE RECEPTION OF ASYLUM SEEKERS

ARRIVAL CENTRE



# ናይ መጀመርታ መዓልትኹም ኣብዚ መምጽኢ ማእከል

ኣብ ውሽጢ እቲ ማእከል ዝተፈላለዩ መድረኻት ክትሰዕብ ኢኻ።

## 01/መቐበሊ

እንተድኣ 'ኣህጉራዊ ሓለዋ' (ኣብ በልጅም ዕቑባ ንምርካብ ምምልካት) ንምርካብ ክተመልክት ከምትደሊ ትገልጽ ኮይንካ፡ መመልከቲኻ ንምቕራብ ናብቲ ማእከል ክትኣቱ ክትሕተት ኢኻ።

ባልጃኹም: ሰራሕተኛታት ናይቲ ማእከል ነቲ ባልጃኹም ወሲዶም ክፍትሽዎ እዮም። ንሻንጣኻ ኣብቲ ስዒቡ ዘሎ መዓልቲ ክትወስዶ ኢኻ። **ናትኩም ክቡራት ነገራትን ሰነዳት መንነትን ምሳኹም ሓዝዎ (ኣብ ባልጃኹም ኣይትግደፍዎም)** ። እዞም ሰነዳት እዚኦም መመልከቲኻ ኣብ ምቕራብ ጠቓምቲ ክኾኑ እዮም።



## 02/ ምዝገባ

ኣብዚ፡ እቲ ቤት-ጽሕፈት ኤሚግረሽን ንመመልከቲኻ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ክምዝግቦ እዩ።

እቲ ሰራሕተኛ ናይ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን መንነትኩም ንምጽራይ ሕቶታት ከቕርበልኩም እዩ (ስም፡ ዕለተ ልደት፡ ዜግነት፡ ወዘተ።) ንሳቶም ነቶም ምሳኻ ዘለዉ ሰነዳት መንነት ክሓቱኻ እዮም።

እቲ ሰራሕተኛ ናይ ኢሚግረሽን ብተወሳኺ ኣሰር ኣጻብዕቲ ክወስደልኩም እዩ። እዚ ከኣ ምናልባት ነቲ ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሽን ኣብ ካልእ ናይ ኤውሮጳ ሃገር ተመዝጊብኩም ከይትኾኑ ንምጽራይ ይሕግዞ። ከምኡ እንተኾይኑ፡ ንዓለም-ለኻዊ ዕቑባ ብዝምልከት መመልከቲ ንሽተቕርቡ ናብ`ታ ሃገር ከምእትሽዱ ክግበር ተኽእሎ ኣሎ።



## 03 / ሕክምናዊ ምጽራይ

ናይ ፈዲሰል ጉጅለ ሕክምና ኣብ ጽቡቕ ጥዕና ከምዘለኹም ከረጋግጹ እዮም። ነፍስ ወከፍ ሰብ ሕክምናዊ መመመዩ የካይድ። ኣብ መበቆል ሃገርካ ምርኩስ ብምግባር፡ ኣንጻር ተላባዕቲ ሕማማት ክታበታት ክወሃበካ ይኽእል። እቲ ኣላዩ ሕሙማት ሓደ ሕክምናዊ ጸብጻብ ክጽሕፍ እዩ።

ዓባይ ሰዓል እንተልዩካ ንምርኣይ ራጂ እውን ክንወስደልካ ኢና። እዚ ኣዝዩ ተላባዒ ሕማም ስለዝኾነ ከምኡውን እንተድኣ በዚ ሕማም እዚ ተጠቒዕኩም ኮይንኩም ናብ ሆስፒታል ክንሰደኩም ኢና።

## 04/ መንበሪ

**ኣብዚ፡ ሻንጣኻ ክትረክብ ኢኻ። ናይ ፌዳሲል ሰራሕተኛ ናትኩም ናይ ዓለም-ለኻዊ መሰል ምኽልኻል ንምርካብ ጉዳይኩም እናተመርመረ ከሎ ንተቐባልነትኩም ክምርምር እዩ።**

**ናብ'ቲ መቐበሊ ይግብኣኩም ድዩ?** ንግዚኡ ኣብ'ቲ መእተዊ ማእከል ክትጸንሑ ኢኹም።ካብኡ ድማ ናብ'ቲ ኣብ እዋን ምምስራሕ ናይ ዑቕባ መስርሕኩም ትጸንሕሉ ካልእ ማእከል ክትሰግሩ ኢኹም። ፌዳሲል መቐበሊ ቦታ ክህበኩም እዩ፡- እዚ ዝበዝሕ ግዜ ብፌዳሲል ወይ ብቐይሕ መስቀል ዝመሓደር ማእከል እዩ። ንሱ 'ክፉት' ማእከል እዩ፡ እዚ ማለት ንስኻ ናይቲ ማእከል ሕግታት ክሳብ ዝሓለኻ ናጽ ኾይንካ ናብዚ ማእከል ክትኣቱን ክትወጽእን ትኽእል። ፈዳሲል ነቲ ማእከል ብመሰረት ኣብቲ እዋን ኣብቶም ማእከላት ዘለዉ ዓራውቲ ይመርጽ፡ ከምኡ'ውን ናትካ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው (ኣቀዋውማ ስድራቤትካ፡ ጥዕናኻ፡ ወዘተ)።

ተቐባልነት ምርካብ መሰልኩም እዩ፡ እንተኾነ ግን ኣስገዳዲ ኣይኮነን፡ ብተወሳኺውን ነቲ ፌዳሲል ዝህበኩም መቐበሊ ማእከል ከይትቕበልዎ ትኽእሉ ኢኹም፡ ንኣብነት ኣብ ቤልጅይም መንበሪ ዝህብኹም ኣዕሩኽ እንተሌምኹም።

**ናብ'ቲ መቐበሊ ዘይግብኣኩም እንተኾይኑ?** ነቲ መምጽኢ ማእከል ክትገድፍዎ ኣለኩም። ናብ ህጹጽ ዝኾነ ሕክምናዊ ሓገዝ መሰል ከምዘለኩም ክንገልጸልኩም ኢና፡ ኮይኑግን ናብ መቐበሊ ቦታ ክትከዱ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

**እንታይ እዩ እዚ?**
**ትርጉም ናይ ከበድቲ ቃላት ኣብ'ዚ በራሪ ወረቐት ርኸብዎ።**

ንበልጅም ሓለዋ ክትህበካ ምሕታት? ካብ ሃገርካ እንተሃዲምካ ኣብ በልጅም ዕቑባ ክውሃበካ ድማ ተመልክት እንተሊኻ፡ ሓደ ናይ 'ኣህጉራዊ ሓለዋ' መመልከቲ ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

እቲ መእተዊ ማእከል? ኣብ'ዚ ህንጻ ኣብ ብራስለስ ድማ (‘Petit-Château’) ዓለም-ለኻዊ ሓለዋ ንምርካብ ናብ ሰበ-ስልጣን ቤልጅዩም መመልከቲ ከተቕርቡ ትኽእሉ። ኩነታትኩም ተራእዩ ድማ፡ መመልከቲኹም እናተመርመረ መንበሪ ቦታ ይወሃበኩም።

እቲ ናይ ምእታው ማእከል ብፈዳሲል ይመሓደር፡ ንሱ ድማ ሓደ ናይ መንግስቲ ውድብ እዩ። ናትኩም ጠለብ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ብዝተፈልየ መንግስታዊ ውድብ ኣብቲ ማእከል ክምዝገብ እዩ፥ እዚ ድማ እቲ ቤት-ጽሕፈት ኤሚግረሽን እዩ።

# መወከሲ

**መምጽኢ ማእከል**
**ካብ ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ክፉት እዩ**

- **ምዝገባ ናይ መመልከቲ ን ዓለም ለኻዊ ሓለዋ (ዑቕባ ሕተቱ)፡ ምዝገባ ኣብ** 8፡30 a.m.
- **ንሓበሬታ ኣብ ኑቕጣ ሓበሬታ ሕተቱ፡ ካብ** 8፡30 a.m. **ክሳብ** 12፡30 p.m. **ክፉት እዩ።**

**ኣድራሻ፡**
Rue de Passchendaele 2
1000 ብራስልስ



**ቍጽሪ ተሌፎን** +32 (0)2 793 82 40
**መልእኽቲ፡** dispatching@fedasil.be

**ጠረቤዛ ወለንታዊ ምምላስ**
**ናብ መበቆል ሃገርካ ንምምላስ ትሓስብ እንተሊኻ ፈዳሲል ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።**
**ኣብቲ 'ጠረጴዛ ምምላስ' ፈዳሲል ሕቶታት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።**

Rue d' Arenberg፡ 8 – 1000 Brussels
**ተሌፎን** 0800/327 45 **(ናጻ ቍጽሪ) ወይ** 02/897 53 00
**ክፉት ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ** 9.30 am **ክሳብ** 12 pm **ብቖጸራ።**




**ዝያዳ ሓበሬታ፥** www.fedasilinfo.be

**ትግርኛ | እዚ ማህደር እዚ ብ 14 ቋንቋታት ተዳልዩ ይርከብ | ኣፍራዪ፡- ፌዳሲል**
**ኣርታዒ፡** Michael Kegels | **ዝተመሓየሸሉ** 03.2021።